ብዛእባ መጽሐፍ ታሪኽ ኤርትራ - ኣብደላ ኢድሪስ
ዝተመርኮሰ ተወሳኺ ሐበሬታን መዓረምታን ኢድሪስ ሐመዳይ
2 ነሐሰ 2002 ኡፕሳላ ስዊድን

ኣቶ ኢድሪስ ሐመዳይ በዓል ብዙህ ተመኩሮ ቃልሲ ሰውራና፡ ነዛ ኣብ ታሕቲ ተጠቂሳ ዘላ መጽሓፍ ኣንቢቡ ናቱ ተመኩሮ ክነግረኒ ተወኪሴዮ ዝገበርናዮ ካሴት ቅዳህ እዩ።

መፅሓፍ፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ

ተ መ ክ ሮ ሰ ራ ዊ ት ሓ ር ነ ት ኤ ር ት ራ

ካብ ዕለት 1/9/1961 ዓ.ም. 30/12/1982 ዓ.ም.
ብወተሃደራዊን ጸጥራዊን ክሊ .....ዚተዳለወ 1-120 ገጽ

መቕድም ብ ዓብደላ ኢድሪስ መሓመድ
ኣቦ ወንበር ሰውራዊ ባይቶን ፈጻሚት ሽማግለን
ጠቕላላ መራሒ ሰራዊት ሓርናት ኤርትራ

ሕቶ፡ መጀምረያ ተሰወኤ ተጋዳላይ መን ይብሐል?

መሐመድ ፋይድ ዓወተ ይበሐል፡ ንሓምድ ዓወተ ዘመዱ እዩ፡ ምስዑ ካብቶም መጀመርያ 13 ተጋደልቲ ተሰለፈ እዩ።ተሰወየ ቦታ ድማ የማል ይበሐል፡ ኣብ ኣዳል ኣይኮነን። ቀዳማይ ውግእ ኣብ ኣዳል ደሐር ኣብ የማል ነይሩ ኣብ 28.9.1961። ኣብ ኣዳል ተሰወኤ የሎን።

ሕቶ፡ ዓወተ ብምንታይ መይቱ ይበሐል?

ዓወተ ኣነ ከምዝመዝገብኩዎ ፡ ብቀጥታ ምስዑ ዝነበረ ሰብ ኩቡብ ሓጃግ ይበሐል. ቅድሚ ዓሚ ኣብ ሱዳን ተሰዊዑ። ካብኡ ዝመዝገብኩዎ፡- ሓምድ ዓወተ ለይቲ ድራር ኣይበልዕን ነይሩ፡ ጸባ ጥራሕ ይሰትይ እንተረኸበ። ኣብ ባርካ ጋሽ ሰጊሮም ኣብ ሐደምደም ተባሕለ ቁሸት በጺሑም።

ናይ ቀደም ጊዜ ምግቢ ተጋደልቲ ድራር ካብ ህዝቢ ነይሩ። ኣብቲ ዓዲ ምስበጽሑ ተጋደልቲ፡ ብዝሐም ነጊሮም ኣብዚ ቦታ ኣለና ይብሉ። ዕልይ ኢልካ ካብ ገዛውቲ ትጽበ፡ ወላ ንሕና ኣርኪብናሉ፡ እምበር ስቕ ኢልካ ኣብቲ ገዛውቲ ኣይትኣትውን ኢኻ። እቲ ህዝቢ ስሩዕ ስለዝነበረ፡ ሓደ ሰብ ጸዊዕካ፡ "ጋሻኹም ኢና፡ ኣብዚ ኣለና፡ ማይ ሐዊ ኣምጽኡ" ትብል፡ ሻሒ ቡን ወዘተ ትገብር።

ኣብኡ ምስበጻሕና ይብል ሕጃጅ፡ ድራር ኣምጺኦምልና፡ ሓምድ ጸባ ስትዩ ድሕሪኡ። እንታይ ነይሩ ትድቅስ ከለኻ፡ ኣኽቢብካ - ተሸኪል፡ ካብቲ ገዛውቲ እልይ ኢልካ ኢኻ ትኸይድ፡ ምናልባሽ ጸላኢ ተመጽኤ ድሕነት እቲ ዓዲ ኢካ እዩ። ትድቅስ ከለኻ ንምብራቕ፡ ምዕራብ ወዘተ ፋሕ ኢልካ ትድቅስ፡ እቲ ጸላኢ ተመጸ መከላኸሊ ዕርዲ ማለት ይኸውን።

ሓምድ ዓወተ ኣነ ጥቑኡ ነይረ ይብል፡ "ኩቡብ ሓጃጅ ነዓ ደሊየካ" ኢሉኒ ቀሪበዮ፡ ብረት ናቱ ኣጢቑዎ ዝነበረ ሒቡኒ "እዚ ሃደራ ንብረት ህዝቢ ኤርትራ እዩ ምሳኻ ግበሮ"

ኢሉኒ ይብል:: እንታይ ኸይንካ ምስበሎ: "ቁሩብ ይጽላኣኒ ኣሎ" ኢሉ:: ሕራይ ኢለ ወሲደያ ጠመንጅኡ ምስናተይ ኣቕሚጠያ: እቲ ዝናር ናቱ' ውን ምሳይ እዩ: ደቒስና::

ለይቲ ንትንስዕ ከምልሙድ: ሰዓት 5 ትትንስዕ ቅድሚ ወጋሕታ: ምናልባሽ ጸላኢ ከይመጽእ:: ንትንስዕ: ሓምድ ኣይተሰዔን: ድማ ሓምድ ኩልጊዜ ይሰግድ ነይሩ:: ተሲእና ቦታና ሒዝና ሻሒ ንገብር: ሓምድ ኢልና ከተንስኦ ኢለ መይቱ ጸኒሑኒ: ኢሉ::

እንታይ ንግበር ኢልና ኣብታ ቦታ ኩዒትና ቀቢርናዮ ኢሉ:: ክንቀብሮ ከለና ኢሉ: ሐደ ቆልዓ ኣባግዕ ሒዙ ክኸይድ ከሎ ርኢናዮ ንሱ' ውን ርዒዩና: ይብል:: ሽዑ ከይድና ኣጠንቂቕናዮ - ኣብዚ ተጋደልቲ ብረት ዝሓዙ ርእየ ከይትብል: ከይትዛረብ - ኢልናዮ ይብል:: እቲ ቦታ ድማ ከይፍለጥ ኣሰሩ ኣጥፊእና ከይድና ካብቲ ቦታ::

ካብኡ ንሸኽ መሐመድ ሸኽ ዳውድ ስለይማን ተባሒለ ንረክብ:: ንሱ ኣብ ጋሽ ባርካ ጎስጋስ ዘካይድ ዝነበረ እዩ: ካብ ዓዲ ስዒድና ሙስጣፋ እዩ: ግዱስ ብዛዕባ ኤርትራ እዩ:: ንሓምድ ዓወተ ዘተባብዕ ዝነበረ እዩ ገድሊ ክወጽእ:: ናብኡ ሃቲትና ረኺብናዮ እሞ ነጊርናዮ ሓምድ ዓወተ ከምዝሞተ::

ንሱ ኣኪቡ መሓሉ ኢሉና "እዚ ምስጢር እዩ: ሓምድ ዓወተ መይቱ ኢልኩም ከይትዛረቡ ድሕሪ ሕጂ: ዝኾነ ክፈልጥ የብሉን:: ንስኹም ስራሕኩም ቐጽሉ: ሓምድ ኣበይ ኣሎ እንተተባሕለ: ሓምድ ኣብ ካልዕ ቦታታት: ኣኼባታት ወዘተ ኣሎ ትብሉ" በለና:: ብዚ ተሰማሚዕና: ምሒልና ከይድና::

መቓብር ናይ ሓምድ ዓወተ: ኣነ ኣብ ጋሽ ይመላለስ ነይረ ኣብ 1972-75 እሞ ካብቶም ገባራት ሐደ ኣባል ናይ ጀብሐ ዝኾነ ኣርዕዩኒ:: እቲ ሓምድ ዓወተ ተቐብረሉ ቦታ ሃደምደም ይብሃል::

## ሕቶ: ስለምንታይ ምስጢር ገይሮሞ ምሙዋት ዓወተ?

ክልተ ምክንያት ነይሩዎ:: ብሐደ ወገን ንተጋዳላይ ሞራል ከይወድቕ ማለት:: ካልኣይ ድማ ዓወተ ኣብቲ ግዜ' ቲ ኣዝዩ ብርቱዕ ተጋዳላይ ነይሩ::ዪትዮጵያ' ውን ትደልዮ ነይራ:: ምሕላዉ ነቲ ህዝቢ ሞራል ይኸውን: ጸላኢ ድማ ነቲ ቦታ ደፊሩ ውግዕ ኣይገብርን:: ጥይት ሓምድ መሬት ኣይትወድቕን ኔራ ይበሓል:: ኣብ ውግእ ጽቡቕ ይሃርም ነይሩ::

ስጋዕ 4 ዓመት ወላ ኣብ ወጻኢ ንዘለዉ ሓምድ ኣሎ ኢና ነይርና ንብል:: ዝፈልጥ ሰብ ኣይነበረን:: ኣብ መርሕነት ዝነበሩ ከም በኣል ኢድሪስ ገላድዮስ ግን ይፈልቱ ነይሮም ይኾኑ:: ኢትዮጵያ ትደልዮ ስለዝነበረት ሰበይቱን: ከብቱን ኩሉ ንብረቱ ገፊፎሞ:: ንሰበይቱ ምስደቃ ኣጋፊኦማ ብዙሕ:: ንብረቱ ኩሉ ተሃጊሩ: ከብቱ ኩሉ ኢትዮጵያ ወሲዳቶ:: ንሳ ኣብ መንጎ ጉልጅን ገርገፍ ተባህለ ሽምብርኪ ትበሃል ዓዲ ነይራ:: ገዛ ናይ ዓወተ ስጋእ ሕጂ ዓመት ዓመት የሕድሱዋ:: ኣብኡ ሕርሻ ነይሩዎ ከም ተራ ሃረስታይ::

ኣብ ጋሽ ባርካ ሽፍታ ነይሮም: እሞ ኢትዮጵያ ሰብ ጠጠው የብሉ: ከብቲ ይገፉ:: እቲ ቦታ ቅሳነት ኣይነበሮን ካብ ጊዜ እንግሊዝ ጀሚሩ:: ዓወተ ውሩይ ነይሩ ብብረት: ኣብ ጊዘ እንግሊዝ ወላ ኣብ ጊዜ ፈደረሽን ናይቲ ቦታ ሃላፊ ገይሮሞ ኔሮም:: ኢትዮጵያ ግን ንዓወተ ኣይትኣምኖን ነበረት:: ምስ ኣብቲ ቦታ ዝነበሩ ሽፋቱ ምትእስሳር ኣለዎ ኢሎም ይኣምኑ ነበሩ:: ስለዚ ብዝኾነ ጸዊያም: መዓርግ ከነውሕበካ ኢሎም ብዙሕ ፈቲኖም: ንሱ ግን ኣብዩ ይኸይድ::

ብዚ ምክንያት ትእዛዝ ኣብ ተሰነይ ኣመሃላሊፎም: እዚ ሰብ ተኣሲሩ ክመጽእ ኣለዎ ኢሎም:: ሰብ ይስደደሉ ንሓምድ: ተጠንቐቕ ኢኻ ኢትዮጵያ ትእዛዝ ሰዲዳ ኢሎም:: ንሱ ኩልግዜ ጥንቑቕ ነይሩ: ብረቱ ሒዙ ቀትሪ ኣብ ገዛ ኮፍ ኣይብልን: ኣብ ሕርሻ ይወፍር ኣብ ጽላል ቦታ::

ብረት ሒዞም ገዝኡ ኣኽቢቦም ርኢዮምዎ እዚ ኣብ 1961 ግን ኣይረኸቡዎን:: ሰበይቱን ከብቱን ሒዞም ንተሰነይ ከይዶም:: ንሱ ምስብረቱ ወጺኡ:. ኣብቲ ጊዜቲ ፖሊስ ኤሮም ዝንቀሳቐሱ: ምስየም ኣካይዱ ውግዕ ናይ ኣዳል:: ሞጎራይብ ጥቓ ኣዳል ኣቐበት እያ ፈለማይ ውግእ ተኻየደ::

ካብኡ ዓዋተ ምእንቲ ሰውራ ከይዱ ተባሂሉ ኣብ ኩሉ ኤርትራ ተዘርጊሑ:: ካልኣይቲ ውግእ ኣብ የማል ነይራ:: ኣብዚ ኣብደላ ይገልጽ ኣብ መጽሐፉ: ዓወተ ኣብ ክልተ ውግእ ከምተካፈለ: ሓንቲ ኣብ ዓዳል ሐንቲ ኣብ የማል:: ግን ነኣይ ኩቡብ ሓጃጅ ዝጠቐሰለይ: 5 ውግእ ተካይዱ ዓዋተ ኣብ ዝነበሮ:: ብተወሳኺ ኣብ ዓዳልን የማልን: ሓንቲ ኣብ ኣልገዴን: ከማን ኣብ ሳዋ ምስ ፖሊስ:: ወላ ሰብ ይሰዱሉ ነይሮም ኢድካ ሃብ ኢትዮፕያ ምሕረት ክትገብረልካ እያ እንዳበሉ:: ንሱ ኣይሰምኤን::

ክሕዝዎ ዝመጹ ትድሚ ሐደ መስከረም 1961 እዩ:: ንስድሩን ንብረቱን ተሒዝና ንሱ ከም ትሕጃ ይመጽኣና እዩ ኢሎም: ንሱ ግን ኣይተቀልቀለን:: ድሕሪ ክንደይ ምግፋእ ሰበይቱ ፈኒዮማ: ኩሉ ንብረቱ ግን ተሃጊሩ: ብዙሕ ከብቲ ኤሮሞ:: ሕጂ ወዱ ኣሎ ኣብ ሶርያ: ካብቶም ጀብሓ ደቅ ስውኣት ትዓልዮም ዝነበረት እዩ:: ኣብ ሶርያ ከም ሓኪም ትምሕርቲ ወዲኡ: ድሕሪ ናጻነት መንግስቲ ኤርትራ ኣዲማቶ: ኣይመጸን::

ኣብ በዓል ናጽነት 24.5.2005 ኣብ ኤርትራ ተኻፊሉ:: ካልእ ውላድ ክልተ ኣዋልድ ኣለዋኦ::

ገጽ 62
ኣቲ ክልሰ-ሓሳባዊ ጌጋ ኣብ 'ዚ ከኣ: እቲ ኣብ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ኣገባብ ኣቀላልሳ ክህሉ ዚግብኦ ምውህሃድን ምምዝዛንን ኣብ ግምት ዘይምእታው እዩ:: እዚ ጌጋ እዚ 'ውን ካልኣይ ገጽ ናይ እቲ ኣብ 'ቲ ቅድሚኡ ዚነበረ ንፖለቲካዊ ዕዮ ዘንጊዑ ናብ ወተሃደራዊ ዕዮ ጥራሕ ዘዘንበለ ኣረኣእያ እዩ:: ብተወሳኺ ነዚ 'ውን ጉባኤ ነቲ ናይ ቅድም ኣብ ግምት ብማታው በዛዕባ ወተሃደራዊ ሸነኽ ዚኾነ ችእይቶ ኣየቕረበን::

ኣብ ገጽ 62 እንታይ ይብል: እቲ ክልሰ ሃሳባዊ ጌጋ ፖለቲካ.... ኢዩ ከም ሃሳብ የቅርብ:: ግን ኣብደላ ኢድሪስ እንታይ እኻም ተጻዊቱ? ኣብዚ ካብቲ ፍሉጥ ናብ ቀዳማይ ጉባኤ ተ.ሓ.ኤ. 1971: ቤት ትምህርቲ ካድር ንፖለቲካ መልኪ ዝኸውን ውሳኔ: ሃላፊ ናይ ቤት ጽህፈት ውን ድማ ብጻይ መሓመድ ኑር ኣህመድ ተመዚዙ: ሕጂ ኤምባሲ ኣብ ቻይና ዘሎ:: ኣብዚ: ኣብደላ ቤት ትምህርቲ ካድር ከይክፈት ይጻረር ዝነበረ እዩ::

ብዚ ብዙሕ ሕልኽልኽ ይካየድ ነይሩ:: ንኣብነት ሕጂ ኣብቲ ጊዜቲ 2 ኮርስ ተዋሒቡ ኣብ 4 ዓመት: 1ቲ ኮርስ ኣብ ዓንሰባ ካልኣይቲ ድማ ኣብ ጋሽ:: ወላ እቶም ትምህርቲ ዝቀሰሙ ኣብቲ ወተሃደራዊ ሃይልታት ኅስጉዋስ ከካይዱ ኣብደላ ኢድሪስ ይቅበሎ ኣይነበረን::

ምስቶም ካልኦት ሐሐደ ዝነበሩ ንሕና ብረት ንትኩስ እምበር ፖለቲካ ኣይንደልይን ዝብሉ ነይሮም:: ስለዚ ኣብዚ ኣብደላ እቲ ሓላፍነት ዝስከም ንሱ እዩ:: ኣብዚ ሰብሱ ክነቅፍ

ነይሩዎ:: ምኽንያቱም ናይ ፖለቲካ ጌጋ ዝነበረ እዚ እዩ:: ወላ እቲ ጊዜ ክትንተን ከሎ ንሱ እዩ ሓላፍነት ዝሰከም::

**ገጽ** 62-3

ቀዳማይ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ ድሕሪ ምድምዳሙ ዕማም ሰራዊት ሓርነት ነቲ ጉባኤ ዝተመያየጠሉ ጉዳያት ምብራህ: ነቶም ዚተፈናጨሉ ጉጅለታት ናብ ውሽጢ ውድብ ክምለሱ እሞ ብኣኡ ናይ ምፍንጫል ኩነታት ንምድምዳም ንምጽዓር ነበረ:: ኮይኑ ግን እቶም ተፈንጪሎም ዚነበሩ እቲ ኣብ ውሽጢ ውድብ ቦታኦም ኪወስዱ ዚተገብረሎም መጸዋዕታን ዕድመን ነጸጉዎ:: ኣብ 'ቲ ካብ ወጻኢ ብሸነኽ ዓደን ገይሮም ዘእተዉዎ ሓደስቲ ብረታትን ብዙሕ ጠያይትን ተመርኩሶምን ወተሃደራዊ ጸብለልታ ኣብ ልዕሊ ሰ. ሓ. ኤ. ከም ዘለዎም ስለዚገመቱን ብብድዐ ነቲ መጸዋዕታ ኣበይዎ:: ካብ 'ዚ መበገሲ 'ዚ ተላዒሎም' ውን ንጉጅለታት ሰራዊት ሓርነት ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ኣብ ልዕሊ ምህራሞም: ብዕለት 29/ የካቲት 1972 ዓ. ም. ኣብ ኣራፈለ ደቡብ ምጽዋዕ ኣብ ልዕሊ ኣሃዱታትና መጥቃዕቲ ኣካይዶም:: ከምኡ 'ውን ንብረት ውድብ ወሲዶም ንመሪሕነት ውድብ 'ውን ንምቕታል ተሃንጢዮም:: እዚ ኩሉ እውን ናብ ወተሃደራዊ መኸተ ደረኸ:: መልሲ ተ. ሓ. ኤ. 'ውን ብርቱዕ ነበረ:: ሰውራዊ ባይቶ 'ውን ንህ. ሓ. ሓ. ዝኹንነሉ ኣዋጅ ኣውጺኤ ጸረ-ገድሊ ብምቁጻር ብወተሃደራዊ ንምግጣማ ኣወጀ::እዚ 'ውን ኣብ ወርሒ መጋቢት 1972 ዓ. ም. ነበረ::

እዚ 'ውን ንዑስማን ሳልሕ ሳበ ኣብ ወጻኢ ነቲ ናይ ሰውራዊ ባይቶ ኣዋጅ ኪምዝምዞን ኣንጻር ውድብ ኩናት ምእዋጅ ምኽኑ ኪገልጾን ዕድል ሃቦ:: ብሰንኪ 'ዚ እውን ናይ ገለ ገለ ሃገራት ኣዕራብ ስምዒት ክኸስብን ካብኤን ዓቢ ወተሃደራውን ነገራውን ድጋፍ ንኽረክብን ኣኽኣሎ:: ኣዚ ድማ ኣብ 'ቲ ተ. ሓ. ኤ. ወተሃደራዊ ኩነ ነገራዊ ድጋፍ ዘይትረኽበሉ ዚነበረት እዋን እዩ:: ዋላ 'ውን ኣቦ ወንበርን ምክትልን ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ወጻኢ ነይሮም ከንሶምን: ኣብ ውሽጢ ዓቢ ኣሳልጦታት ነመዝግብ ኔርና ከንስናን: ኣብ ወጻኢ ውድቀት ነበረ:: ብዘይካ 'ቲ ብተጋዳላይ ዓብደላ እድሪስ መሐመድ ካልኣይ ምኽትል ኣቦ ወንበር ሰውራዊ ባይቶ ዚምራሕ ወተሃደራዊ ልኡኽ ናብ ሶርያን ዒራቕን ምስ ልኣኽና ዚረኸብናዮ ሓገዝ ኣይረኸብናን:: ንሱ 'ውን 3000 ካላሺንኮፍ ሩሲን ጠያይትን ነበረ:: እዚ ድማ ኣብ ወርሒ ሕዳር 1974 ዓ. ም. ነበረ::

ሰ. ሓ. ኤ ግና እቲ ኩሉ ኣብ ሞንጎኡን ኣብ ሞንጎ ህ. ሓ. ሓ. ዚነበረ ናይ ዕጥቂ ዘይምምዕራይ ከይ ገደሶ ኣብ ልዕሊ ሓይሊ ምፍንጫል ዓቢ ዓወት ኣረጋገጸ:: ንህ. ሓ. ሓ. 'ውን እናሳጎኝ ናብ 'ታ ኣብ መንጎ ቃሮራን ዓጊግን ኣብ ውሽጢ መሬት ሱዳን እትርከብ ዓይተርባ ኣብጽሓ:: እዚ 'ውን ንሰራዊት ሱዳን ቀልጢፉ ኪተኣታቶ ደፍኦ:: ንሌፍተናንት ጀነራል ዓብደልከሪም ስዋር ኣደሃብን ሌ/ ጀነራል ከሊፋ ከራርን ኣብ 'ቲ እዋንቲ ምክትል ሓላፊ ጸጥታዊ ኣካል ሱዳን ዚነበረን ነቲ ኩናት ደው ንክብልዎ ንኺተኣታተዉ ለኣኸ:: እዚ 'ውን ብርግጽ ተተግበረ:: ሰራዊት ሓርነት ብቑልጡፍ ካብ መሬት ሱዳን ኪወጽእ ተሓተ:: ህ. ሓ. ሓ. ድማ ካብ ትሕቲ ሓለዋ ጽላል ሱዳን ኣተወት:: እዚ 'ውን ንህ. ሓ. ሓ. ነፍሳ ክትሰርዕን ሰራዊታ ክትዕልምን ዕድል ሃባ:: ኣብ መወዳእታ 1974 ዓ. ም. 'ውን ናብ ከበሳ ኤርትራ ወጸት::

**ገጽ** 84

ኩናት ከተማ ተሰነይን ዓሊ ግድርን

ድሕሪ ከተማ ጉልጅን ኦምሓጀርን ነጻ ምውጻእን: ኣብ ልዕሊ ከተማ ተሰነይን ዓሊግድርን ኩናት ንምክያድ ምስንዳእ ተጀመረ:: እዚ ድማ ናይ 'ቲ ኣብ 'ቲ ከተማ ዚነበረ

ጸላኢ ቁጽሪ: ዕጥቂ: ዕርድን ሞራልን ንምጽናዕ ናይ ስለላ ጉዳያት ብምክያድ ነበረ:: ተጋዳላይ ማህሙድ ሐሰብ ኣባል ጠቅላላ ስታፍ ሓላፊ ምምሕዳራውን ስርዒታውን ክፍሊ ነዚ ዕማም 'ዝን ነታ ከተማ ነጻ ንምውጻእ ክመርሖ ተመዚዘ::

ኣብዚ ክጠቅስ ከሎ ኩናት ተሰነይን ዓሊግድር ኣብ 1977 ተካይዱ:: ኣብዚ መጀመርያ ነዚ ጉዳይ ተመዚዘ ስውዕ ስዒድ ሳልሕ እዩ:: ሰዒድ መጽናእቲ ኣካይዱ: እቲ ቦታ ከመይ ጌርካ ንውግእ ምቅርራብ መጽናእቲ ኣካይዱ:: ገለ ከቢድ ብረት ንኡኡ ክወስድ ኢሉ ናብ መደብር ወተሃደራዊ መሪሕነት ከይዱ ኣብ ሳዋ:: ዋና ኣካያዲኡ ኣቦ መንበር ኣብደላ ኢድሪስ እዩ:: ካልኦት ድማ ከም ተስፉይ ተኽለ: ማሕሙድ ሃሰብ ወዘተ የካይዱ ነይሮም::

ኣብኡ ከይዱ ምስኦም ይራኸብ ሰዒድ እሞ ይብሎም: - ኣነ መጽናዕቲ ከምዚ ኣካይደ ኣለኹ: ክንድዚ ሃይሊ የድልየኒ ናብ ውግእ ነካይድ:: በዚ መዓልትን ሰዓትንን ከይተረፈ ኢሉ ቀሪቡዎ ነይሩ መጽናዕቲ ዝገበሮ:: ከምዚ ከምዚ ጌሬ ኣለኹ ኢሉ ቀሪቡሎም:: እቲ ሓቒ እዚ እዩ:: ሕራይ ኢሎም ተቐቢሎም ኩሉ ርኢዮሞ:- ሕጂ ኻላስ ንስኻ እዚ ኣካይድካዮ ዘለኻ ቁቡል እዩ:: ንሕና ውን ብወገንና ነዚ ዘድልይ ንዝመጽእ ዘሎ ድሕሪኡ ክናዳልው ኢና ኢሎም የፋንዉዎ:: ቅድሚ' ታ ውግዕ ዝተወሰነላ መዓልቲ ኣብደላ ድማ ንማሕሙድ ሃሰብ ይመዝዝ ኣሎ:: ማሕሙድ ኣብቲ ጊዜ' ቲ ናይ ባረንቱ ኔሩ: ባረንቱ ሽዑ ተከቢባ ነይራ ብሃይሊ ተ.ሓ.ኤ::

ንማሕሙድ ሃሰብ ካብ ግንባር ባረንቱ ጸዊዑ እዚ መጽናዕቲ ናይ ተሰነይን ዓሊግድር ተካይዶ ኢሉዎ ንሰዒድ ሳልሕ ከይነገሮ:: ቅድምታ መዓልቲ ሰዒድ ሳልሕ ዝወሰነላ: ማሕሙድ ሃሰብ ሃይሊ ሒዙ ኣትዩ ተሰነይ: ውግዕ ተካይዱ:: ኣብዚ ጀብሓ ትከስሮ ዘይግብኣ ብዙሕ ሃይሊ ከሲራ: ዳርጋ ካብ ሓንቲ ሃይሊ 150 ተጋደልቲ ዘለዋ ዳርጋ 20-30 ተሪፎም::

ኪሳራ ብዙሕ ነይሩ:: ኢትዮጵያ ወገን ከይፈለጡ ሐንደበት እዮም ናትና ኣትዮሞም:: እዚ ኪሳራ ከሎ ሃይሊ ተወሲኹ ገና 2-3 መዓልቲ ውግዕ ወሲኹ:: እቲ ውግዕ ካብ ሐንቲ መዓልቲ ኣይምሐለፈን ነይሩ: ከማን ብቐሊል ኪሳራ ምተፈጸመ:: እዚ ንባዕሉ ምስሕሓብ ፈጢሩ ነይሩ ኣብ መንጎ ኣብደላ ኢድሪስን ሰዒድ ሳልሕን:: ስዒድ ውን ክሲ ኣቕሪቡ ንኣቦ መንበር ንኣህመድ ናስር:: ወላ ሃይልታት ጀብሓ ፈሊጦሞ እንተዝነብሩ ጌጋ ምኹዋኑ ምተነግረ::

እዚ ሓደ ኣብደላ ዝጻወቶ ነበረ:: ንገሊኦም እድል ክሕቦም ይደሊ ኣይነበረን: ንገሊኦም ድማ ክፍለጡ ክስቶ ከምዚ ገይሩ ንሱ ዝጨበጣ ሃይሊ ክበሐለሎም:: እምበር ብዙሓት ንፈልጥ ኢና ንሕና ሓንቲ ኣቕሚ ዘይብሎም:: ኣብዚ ክጠቀስ ዘለዎ ንኣብነት ኩናት ባረንቱ ማሕሙድ ሃሰብ ሒዙዋ ዝነበረ ዓመት ሙሉዕ ተኸቢባ ወላ ሐደ ከፍርይ ኣይከኣለን::

ኣብቲ ጊዜ ሐደ ናይ ውግዕ እስትራተጂ ምሑር ወዲ ሱዳን ነይሩ: መጽናዕቲ ነይሩዎ:: ሐደ ካብ ናቱ መጽናዕቲ እዚ ቦታ ነይሩ: ሐሳብ ድማ ኣቕሪቡ:: እዚ ድማ ኣብደላ ኢድሪስ ኣጸቢቑ ይፈልጦ እዩ:: ሃሳብ ናቱ ኢሉዎም: ባረንቱ ብቀሊል ትሕዙዋ ኣይከኣልን እዩ: ባረንቱ ምጥቓእ ግደፉ እሞ ንጸላኢ ኣብ ካልእ ቦታታት ኣጥቕዑዎ: ኣብ ባረንቱ ዘሎ ሃይሊ ባዕሉ ክለቅቕ እዩ:: ብኽንያቱ ባረንቱ ኣብ ክብ ዝበረ ቦታ ኣላ: ከባቢ ናታ ኩሉ ጎልጎል እዩ::

ዓመት ሙሉእ ኣኽቢብኩማ ኣለኹም ብቐሊል ትተሐዝ ኣይኮነትን:: ግን ካልእ ቦታታት ኣጥቂእኩም: ንኣብነት ኣቕርደት እሞ እንተታሒዛ: ወላ ኣስመራ እንተሃሪምኩም:

መንገዲ ጎንደር ስንቂ ብየናይ ከምዘምጽእ ምስተኣጸዎ ምስተኸበበ ባዕሉ ክወጽእ እዩ: ኢሉ ሃሳቡ ኣቕሪቡ:: በኣል ኣብደላ ግን ነዚ ሃሳብ ኣይተጠቐሙሉን:: እቲ ሃይሊ ዓመት ሙሉእ ጌይሩ ክሕሉው: ድሕሪኡ ክንደይ ምፍታን ተጌሩ ብጀብሓ:: ደሐረይ ጸላኢ ኣብ ካልእ ቦታ ምስተሐርመ ኣንሳሕብ ጌሩ ባረንቱ ገዲፉዋ ወጺኡ::

**ሕቶ: ኣብ ባረንቱ እንድዮም ጀብሃን ግንባርን ብሓባር ከጥቕዑዋ ተሰማሚዖም?**

ኣይተሰማምዑን: ኣብ መጠረሽታ ኣብ ጥቅምቲ 1977 ስምምዕ ካርቱም ተጌሩ: ኣብኡ ሃይሊ ከወሐሐዱ ኢሎም:: ሕጂ እንታይ ጌሮም: ህዝባዊ ግንባር ሓንቲ በጣልዮን ሰዲዶም: ርኢዮም: ኣየዋጻኣናን ኢሎም ኣንሳሒቦም: ውግዕ ኣብ ባጽዕ ኣካይዶም ንጀብሓ ከይነገሩ:: እዚ ሐደ ወቐሳ ካብ ጀብሐ ነይሩ ከይነገሩን ኣከይዶም ኢሎም:: ጀብሐ ውን ምስሰሓበት: ጸላኢ ኣብ ኩሉ ቦታ ምስተሃርመ ሕጂ ካብ ባረንቱ ኣንሳሒቡ:: ሽዑ ድማ ጀብሓ ንበዓል ኣቆርደት: ኣድኹዋላ: መንደፈራ ወዘተ ክሕዙ: ግንባር ድማ ከረን: ደቀምሐረ ውዘተ ሒዛ: ውግዕ ባጽዕ ኣካይዶም ወዘተ::

**ሕቶ: ብዘኣባ ውግዕ ሐድሕድ ጠቒሱዎ ኣሎ ኣብደላ ኢድሪስ?**

ውግዕ ሐድሕድ ከመይ ተጀሚሩ: መን ጀሚሩዎ ምስ ህ.ሓ. ይጠቕስ እዩ ኣብ መጽሃፍ:: ምፍንጫል ኣብ 1970 ይገልጽ:: ባኣል ኢሳያስ ከበሳ ምስከዱ ኩነታቶም ኣብ ጉባኤ ተራእዩ ይብል:: ብኔው ንጀብሓ ከፍሽሉ ኢሎም ኣብ ሱዳሕ ዒላ ኣኼባ ኣካይዶም:: ኣደም ኢድሪስ መሓመድ ኣደም ናይ ያበሊን ናይ ባርካ ይደፋፍኡ ነይሩ: ያበሊን ጉባኤ ገይሮም::

ጀብሓ ድሕሪ ጉባኤ 1971 ንሓድነት ዘተ ክትገብር እንዳደለየት ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻኢን ሰብ ትሰድድ ነይራ ይብል:: እዚ ሓቂ እዩ: ዘተ ይካየድ ነይሩ ኣብ ውሽጢን ኣብ ደገን::ህዝባዊ ሓይልታት ግን ኣንጻሩ ትሰርሕ ነይራ:: ብሐደ ወገን ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ግርጭት ንክትፈጥር: ንገለ ባእታታት ምክሳቦም ድዩ: ከመይ ገይራ ንተ.ሓ.ኤ ክተፍሽል ትፍትን ነይራ:: ብካልእ ወገን ድማ ናብ ህዝቢ ኣንጻር ጀብሓ: ከምኡ ድማ ሐደ ሐደ ቦታታት ወግዕ ተካይዱ እዩ:: ወላ ኣባላት ተ.ሓ.ኤ. ምጭዋይ ድዩ ምቕታል ሓሓደ ቦታታት ይፍጸም ነይሩ:: ካብዚ ኩሉ ተላዕለ መሪህነት - ሰውራዊ ባይቶ ኣኼባ ገይሩ ይብል::

እቶም ሰውራዊ ባይቶ 13 ኣባላት ተጠቅሱ እዮም:: ገድላዊት ባይቶ ማለት ኩሉ ውድብ ከሎ ስወራዊት ባይቶ ድማ መሪህነት እዮም:: እዞም 13 መርህነት ኣኬባ ኣካይዶም: 13 ዘይኮኑስ ኢድሪስ መሐመድ ኣደም ኣብቲ ኣኼባ ኣይነበረን: ህሩይ ዝመርሖም ውሳኔ ገይሮም:: ኣንጻር ጸረ ገድሊ ዘበሉ ውግዕ ክንገብር ኢሎም ኣብ ኩሉ ትእዛዛት ኣመሐለሊፎም ብጽሑፍ ኣብ ወርሒ 2. 1972 ካብ ባርካ ስጋብ ደንከልያ ዘለዉ:: ኣንጻር ጸረ ገድሊ ወሲንና ኢና: ዝኮነ ብረት ኣልኢሉ ዘሎ ወይ ምሳና ክሕወስ ኣለዎ ወይ ብረቱ መንዚዕካ ውግዕ ክለዓል ኣለዎ ተባሂሉ::

በዚ ዝኣክል ፈለማ ተጀምረ ኣብ ባርካ እዩ ያበሊን ተወቒዑ:: ኣብደላ ኢድሪስ ከይዱ ምስያም ውግዕ ኣካይዱ: ቶቲልን መሓመድ ሃሳብ ዘለዎ ሰለስቲኦም:: መሪሕነት ያበል ሒዞም ነቲ ሃይሊ ድማ ኣስተሊሞም: ዝተረፈ ንጸላኢ ኣስተሊሙ:: ቡዙሓት ኣይነበሩን ያበሊን:: ኣብኡ ህዝባዊ ሓይልታት ደገፍ ንያበል ኢሎም ካብ ሳህል ሃይሊ ሰዲዶም ግርጭት ተካይዱ::

ካብ ባርካ እንዳተዋግዑ ንሳህል ኣብ ሽዒብ ተኸታቲሎም: ኣብኡ ህ.ሓ ሃይሊ ነይሩዎም:: ናይ በኣል ኢሳያስ ድማ ኣብ ውግዕ ተኻፊሎም:: ቅድሚ’ ቲ ውግዕ ምስ ግሩፕ ኢሳያስ ርክብ ተካይዱ:: ኢሳያስ ሽዑ ኣብ በይሩት ነይሩ ምስ ባኣል ሳበ ርክብ

ክገብር:: ግን ኣብ ውሽጢ ዝነበሩ በኣል መሓሪ ደበሳይ ተራኺቦም 5 ኣባላት ዘለዉዎም ካብ ተ.ሓ.ኤ. 1. ስውዕ ፍጹም 2. መስፍን ባሕልቢ 3. ኢብራሒም መሓመድ ዓሊ 4. ሙስጠፋ ዓብዱ::

እቶም ዝረኽቡዎም ኢሎሞም ንሕና ጉባኤ ኣካይድና መርገጽና ድማ እዚ እዩ:: ንስኹም ድማ ውጽኢት ናይ ጉባኤ ርኢና ክንወስን ኢና ኢልኩም:: ሕጂ እቲ ጉባኤ እዚ ወሲኑ: እንታይ ርኢቶኹም::

ናይ ህዝባዊ ሓይልታት መልሲ: - መሪህነትና ሕጂ የሎን ውጽኢት ውሳኔ ጉባኤ ሃቡና: ኣጽኒዕና መልስና ክንሕበኩም ኢና: እድል ሃቡና: - ተባሂሉ:: እቶም ልኡኽ ህራይ ኢሎም ተመሊሶም:: ካብኦም እንዳተመልሱ ከለዉ ካብ ሃማሴን:ኣብ ሽዒብ ምስበጽሑ: እቲ ውግዕ ምስ ህ.ሓይልታት ይለዓል:: ንሶም ድማ ድሮ ርክብን ስምምዕ ኔሩዎም ኣዞም ናይ በኣል ኢሳያስ ግሩፕ ኣብቲ ውግዕ ይኣትዉ:: ምስ ዑበል ኣብ ባርካ ተዋጊኦም: ምስ ህ.ሓ ናይ ሳበን ምስ ኢሳያስ ግሩፐን ተዋጊዕም ጀብሓ. :: ካብኡ እቲ ውግዕ እናገደደ ናብ ሳህል ያሳድዱዎም ማለት እዩ:: ሕጂ 1ይ ህ.ሓ. ናይ በኣል ሳበን 2ይ ህ.ሓ. ናይ በኣል ኢሳያስን 3ይ ድማ ያበል ኩሎም ሳህል ተኣኪቦም::

ድሕሪኡ ኣኼባታት እንዳገበሩ ተሐዊሶም ሕ. ሓ: ሐደ መሪህነት ገበሩ:: እምበር እቲ ውግዕ ክለዓል ከሎ ብዚ እዩ ጀሚሩ:: ወላ ኣብ ተ.ሐ.ኤ. ውን እዚ ውግዕ ኣየዋጻኣናን እዩ ዝብሉ ነይሮም:: ንምንታይ ንዋጋዕ: ጥቕሚ ጸላኢ እዩ: ሐይሊ ኤርትራ ክደክም እዩ ዝብል ርኢቶታት ይቐርብ ነይሩ:: ግን እቲ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. እዞም ጸረ ገድሊ እዮም ግድነት ከልግሱ ኣለዎም ዝብል: ብዚ ዋዕዋዕ ይካየድ ነይሩ::

እቲ ውግዕ ኣብ ሽዒብ ነይሩ ደሐር ውን ንሰሜን ገጹ ቐጸለ:: 2ይ ህ.ሓ. ባዕሎም መጺያም ኣብቲ ውግእ ተራኺቦም ሐጊዞሞም ን 1ይ ወገን ህ.ሓ.:: እምበር ኣብ ጉባኤ 1971 ዑስማን ሳበ ምፍንጫል ስለዝፈጠረ ይኮነን: መሪህነት ያበል ኩሎም ይኮኑ ይብል:: ኢድሪስ መሐመድ ኣደም ደሐረይ ስሒቡ ካብኦም እምበር ደፊፊዑዎም: ደሐረይ ዘየዋጽእ ምስረኣየ ሐዲጉዎም ናብ ጀብሓ ኣትዩ:: ኣብቲ ጉባኤ ድማ ኣቦ መንበር ተመሪጹ:: ምክትል ናቱ ናይ ፖለቲካ ሕሩይ ተድላ: ናይ ወተሃደር ድማ ኣብደላ ኢድሪስ ኮኑ:: ኢድሪስ መሐመድ ኣደም ኣቦ መንበር ናይ ፓርላማ ኤርትራ ነይሩ ብ 1956 ወጺኡ ካብ ኤርትራ ግብጺ ከይዱ:: ጽቡቕ መነባብሮ ነይሩዎ ግን ብጽልኢ እቲ ግዝኣት ወጺኡ::

ዓበይቲ ናይ ኤርትራ ኣኼባታት ኣካይዶም: ሐደ ካብኦም መሐመድ ግዱፍ ምስ ኢብራሒም ሱልጣን ወጻኢ ከይድኩም ፈትኑ መፍትሒ ክርከቦ ኣለዎ ኢሎም:: ምኽንያቱም መሐመድ ዓሊ ቓዲ ቅድሚኡ ወጺኡ ስጋእ ህቡራት ሃገራት ርኢቶ ኣቕሪቡ:: ደሐር ስጋብ ኣሜሪካ ኣትዮም ኣእጊቦም እዚ ኩነታት ክፍታሕ እዩ: ሃይለ ስላሴ ድማ ሐንቲ ኣይገብረካን እዩ ኢሎሞ::: ምስ ናይ ኢትዮጵያ ኣብ ህቡራት ሀገራት ኣምባሳደር ኮይኖም ኣዕጊቦም ተመልሱ ንዓዲ:: መሐመድ ዓሊ ቓዲን ኣማም ሙሳ ምስተመልሱ ድማ ተኣሲሩ::

ካልኦት ብዙሓት' ውን ተዓሲሮም: ቃል ኣትዮምሎም ከለዉ:: ኢድሪስ መሐመድ ኣደም ድማ ሽዑ ካብ ቦትኡ ፓርላማ ወሪዱ:: ክንዲኡ ሃምድ ፈረጅ ተመሪጹ: ሃምድ ፈረጅ ኣብ ባርካ ኣቦ መንበር ነይሩ:: ካብኡ ኢድሪስ መሐመድ ኣደምን ኢብራሒም ሱልጣንን ንሱዳን ከይዶም ካብዑ ግብጺ ከዱ::

ኢብራሒም ሱልጣን ኣባል ፓርላማ ኣይነበረን: ኢትዮጵያ ብጽልዒ ትርዕዮ ነይራ:: ብርቱዕ ሰብ ነይሩ ንናጽነት ኤርትራ እንዳበለ ኣንጻር ኢትዮፕያ ይሰርሕ ነይሩ:: እቲ

ምፍንጫል ኤርትራ ንእንግሊዝ ዝኣበየ ንሱ እዩ:: ምስራኽ ኤርትራ ዘበለ ንግዝዓት ሱዳን ክኣትው: እቲ ምብራኽ ከበሳ ኤርትራ ድማ ንኢትዮጵያ ክወሐብ እንግሊዝ እዚ ሃሳብ ኣቕሪቡዎ ነይሩ ኢብራሒም ሱልጣን ኣፍሺሉዎ ነቲ ነገር: ዓቢ ግደ ተጻዊቱ::

ክልቲኦም ተተሓሒዞም ካይሮ ከይዶም: ግን ኣብ መንጎኦም ብዙሕ ምስምማዕ ኣይነበሮምን:: ወላ ተማህሮ ይጽዕሩ ነይሮም ንኣብ መንጎኦም:: ድሕሪኡ ጀብሓ ተመስረተት ግን ኢብራሒም ኣብኡ ኣይኣተወን:: ንሱ ምስ ሃረካ - ማሕበር 7 ምንቅስቓስ የካይዱ ነይሮም ንሱን ወልደ ኣብ ወልደ ማርያምን:: ኢድሪስ መሐመድ ኣደም ድማ ኣቦ መንበር ማእከላይ ሽማግለ ፈለማ ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ካይሮ 1960 ዝመስረታ እዩ:: ኣብ 1961 ስውራ ምስተላዕለ ተጸምቢሩ ኢድሪስ ምስ ሰውራ::

ኢብራሒም ሱልጣን ኣብ ካይሮ ኮይኑ ብኣኽሙ ምስ ምንቅስቓስ ማህበር 7 ነይሩ: ነዊሕ ግን ኣይቐጸለን:: መርገጽን መንፍስ ናቱ ጽቡኽ ነይሩ: ንናጽነት ኤርትራ ይቃለስ::ኣብመጠረሽታ ካብ ኩሉ ኣንሳሒቡ: ሃረካ ወላ ጀብሓ:: ሕቶ ሃረካን ጀብሓ ንናጽነት ኤርትራ እንዳተቃለሱ ብሐደ ኣይሰርሑን::

ፍልልይ ነይሩዎም:: ሃረካ ብ1958 ትምስረት ኣላ ኣብ ፖርት ሱዳን ብበዓል መሐመድ ሰዒድ ናውድ: ያሲን ኣቐዳ ዘለዉዋ:: ዕላማኦም ነበረ ብፖለቲካ ገይሮም ድሕሪኡ ስልጣን ከመይ ንሕዞ ብፖሊስ ድዩ ወላ ብካልእ:: ምብጋስ ሰውራ መጀመርያ ኣይቅበሉዎን ነይሮም: ድሕሪኡ ግን ይቀርቡ ጀሚሮም::

ኣብ 1965 ሃይሊ ኣውጺያም ግን እቲ ሃይሊ ጀብሓ ደምሲሳቶ:: ዘምጽኡዎ ብረት ሙሓየዲን ዓሊ ተባሕለ ዝመርሖም ዝነበረ ኣብ ሳህል ውግዕ ተካይዱ: ዉሑዳት ነይሮም ዳርጋ 35 ሰባት: ተቐትሉ: ተወግኡ: ተዓሰሩ: ኣንሰሃብ ገይሮም:: ደሓር ገሊያም ምስ ጀብሓ ኣትዮም ከም ሑሴን ኸሊፋ ሕጂ ምስ ኣብደላ ኢድሪስ ዘሎ::

ዘይምስምማዕ ዝነበረ ድሕሪኡ' ውን ውልቃዊ ዘይምስምማዕ ኣትዩዎ እምበር እቲ ዕላማ ሓርነት ኤርትራ ምንቅስቓስ ክጅመር ከሎ ሃገራዊ መደብ ነይሩ ንናጽነት ኤርትራ:: ጀብሓ ከማን ከምኡ:: ግን ናይ ክልቲኦም ዘይምስምማዕ ሳዕቤን ገይሩ:: መጠረሽታ 1970 ሳበ ካብ ጀብሓ ምስተፈንጨለ ኣዋጅ ኣውጺያም ምስ በዓል መሐመድ ሰዒድ ናውድ: ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ተሐዊሶም:: ኣብ ጀብሓ ኣይኣተወን ስጋብ መጠረሽታ:: መሓመድ ናውድ ኣብ ሱዳንን ካይሮን ነይሩ::

ጠቒሱዎ ኣሎ ውግዕ ብመን ከምተካየደ:: ንኣብነት ውግዕ መንደፈራ ስዒድ ሳልሕ እዩ መሪሑዎ: ኣብዚ ኣይተጠሰን:: ታሪኽ ከምዝምስክሮ ውድኣዊ እዩ ሐቒ ክወጽእ: እንታይ ግደ ተጻዊቶም:: ጸዋታ ጀብሓ ኣብ ኣሽጢ ከተማታት ንኣብነት ኣብ ውሽጢ ኣስመራ የካይድ ዝነበረ ተጋዳላይ ተኸስተ - ማሕበር ስንኩላን ዘሎ - ፈዳይን ምስ በኣል መልኣከ ጸዋታ ነይሩ ኣብ ሰብዓታት::

ሕቶ: ዝሰለሙ ተዓሲሮም ኣብ ኣስመራ?

ብዙሓት ነይሮም ሰሊሞም እሞ ንገሊኦም ተጠቒማትሎም ኢትዮጵያ ንገሊኦም ኣይፈልጥን:: ቅድሚዑ ተዓሰሩ ነይሮም ከም በዓል ሰዒድ ሑሴን ብ 1963 ኣስመራ ነይሩ ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ክልተ ነፈርቲ ኣባሪያም ተዓሲሮም:: ኣብ መጽሐፍ ኮማንዶ ብ ሰለሙን ድራር ተጠቂሱ ኣሎ:: ፈለማ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝለኣኸቶም ፈዳይን ኣብ ኣስመራ ዝገበሩዎ ተመዝጊቡ ኣሎ:: ሰዒድ ሑሴን ን25 ዓመት ተፈሪዱዎ: ብ 1975 ካብቶም እሱራት ዝወጹ እዩ: ንሜዳ ከይዱ::

ኣብዚ’ ውን ጠቒሱዎ ኣሎ ኣብደላ ኢድሪስ ኣብ መንጎ ጀብሓ ብ 1975 እንታይ ተላኢሉ: ኣብ መንጎ ሃይሊ ቀዳሞትን ሓደሽቲን ግርጭት ይፍጠር ነይሩ: መንጎ ክርስትያንን ኣስላምን:: ግሩፕ እስልምና ተመስሪቱ ጀብሓ ዓሲራቶም: ዑስማን ሳበ ሰብ ገይሩ ያንቀሳቕስ ነይሩ::

ሕጂ ንበዓል ሰዒድ ሑሴን ህዝባዊ ሓይልታት ተረዳዲኦም ብደንካልያ ገይሮም በኣል ንሱን ዑመር ሱባ ተባሕለ መራሒ ባጣልዮን ነይሩ ናይ ጀብሓ:: ካብዑ ጀብሓ ብዘይ መርመራ ዓሲሮም ቀቲሎሞም ኣብ 1978: ኣብ ባርካ ተኣሲሮም ነይሮም:: ካልዖት ውን ከም ሃምድ ቱርኪ- ሕጂ ምስ ጅሓድ ዘሎ - : መሐመድ ኣስማዒል ኣብዱ ኣለዉ:: መሓመድ ኣስማዒል ኣብዱ ኣብቲ ጊዜ ኣባል ሰውራዊት ባይቶ ነይሩ ናይ መሪሕነት::

ኢብራሒም ኢድሪስ መሓመድ ወዲ ኢድሪስ መሓመድ ኣደም: ሱሊማን ሙሳ ሐጅ - ሕጂ ተዓሲሩ ዝበሐል ዘሎ - ጃእፈር ዓሊ ሰዒድ ናይ ባኣል ዒራቕ ተባሒሉ ተዓሰሩ:: ደሐር ጀብሓ ምዝላቕ ምስገበረት ኣብ 1982 ሃይሊ ጀብሓ ሱዳን ምስኣተወት ተፈንዮም:: ካብ 1978 ስጋብ 1982 ተዓሲሮም:: ምኽንያቱ ድማ እዚ መሪሕነት ጀብሓ ደቂ ክርስትያንሒዞሞ ይብል:: ኣብዚ መጽሐፍ’ ውን ይጥቀስ: ኮሚኒስት ሕዝበል ዓመል ዘበሐል:: ስለዚ ንሕና ስልጣን ክንወስድ ኣሎና ዝብል ውድድር ነበረ::

* * * * *